
# ውላዶም ናይትረስ ኦክሳይድ ንሰኻር ዕላማ ይጥቀም እንተልዩ ይግረሙ ዶ ይኾኑ?

እዚ ተበታኒ ወረቐት ብዛዕባ ናይትረስ ኦክሳይድ እዩ፤ ንውላዶም ብኸመይ ክሕግዙ ከም ዝኽእሉ ሓበሬታን ደገፍን ይህብ።

ኣብ ቀረባ ዓመታት ናይትረስ ኦክሳይድ ከም መሰከሪ ልሙድ እንዳኾነ መፅዩ እዩ። ናይትረስ ኦክሳይድ ብካርትሪጃትን ትቦታትን ኣብ ሓድሓደ ኦንላይን መደብራትን ኣካላዊ መደብራትን ሓዊሱ ብሕጋዊ መልክዕ ክግዛእ ይኽእል እዩ። ቀዲሞም ዝተመልኡ ፍሕኛታት ኣብ መንገዲ ብግልፂ ዝሸጡ እውን ኣለዉ።

ብዙሓት ሰባት ናይትረስ ኦክሳይድ ምንም ጉድኣት ከም ዘይብሉ ይሓስቡ፤ እዚ ግን ሓቂ ኣይኮነን። ናይትረስ ኦክሳይድ ንምሰካር ዕላማ ዝጥቀም ዝኾነ ሰብ ኣብ ስርዓት መትንን ሓንጎልን ልዑል ጉድኣት ናይ ምብፃሕ ዕድል ኣለዎ። እቲ ዝለዓለ ሓደጋ ናይትረስ ኦክሳይድ ብተደጋጋሚ ኣብ ጥቕሚ እንትውዕል ይርአ። ሓደ ሰብ ሓደገኛ ብዘይኮነ መልክዑ ክንደይ ዝኣክል መጠን ናይትረስ ኦክሳይድ ክሰሕብ ከም ዝኽእል ምዝራብ ኣይከኣልን። ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። ብዙሕ ናይትረስ ኦክሳይድ ብዝተጠቐሙ ቁፅሪ ንኸቢድ ጉድኣት ናይ ምቅላዕ ዕድሎም ይውሰኽ።




Länsstyrelserna

**ሓቅታት**

- ናይትረስ ኦክሳይድ ኣብ ማእኸል ጥዕና ከም ፀረ ቃንዛ ኮይኑ ዘገልግልን መጠኑን ጥንካርኡን ብዝቋፃፀሩ ዝሰልጠኑ ሰብ ሞያ ሓለዋ ጥዕና ዝወሃብ መድሓኒት እዩ።
- ሕክምናዊ ዘይኮነ ናይትረስ ኦክሳይድ ብቐንዲ ኣብ ክሬም ሳይፈን ከም ፕሮፔላንት ንምጥቃም ዝተሓሰበ እዩ።
- ፅሩይ ናይትረስ ኦክሳይድ ንውሽጢ እንትትንፍሱ ምንም ኦክሰጅን ኣየእትዉን። ካብኡ ዘንፀራርው ወይከዓ ውነ ዘስሕት ሰምዒት ክሰምያም ይኽእል።
- ናይትረስ ኦክሳይድ ምጥቃም ናይ ኣእዳውን ኣእጋርን ሰምዒት ዘስእን መትናዊ ጉድኣት ከሰዕብ ይኽእል እዩ። ደው ምባልን ምንቅስቓስን ከቢድ ኮይኑ ክረኽብዎ ይኽእሉ እዮም። ከምኡ እውን ምስ ፅላለ ዝመሳሰሉ ናይ ጭንቀትን ግንዛበ ምስኣንን ስነልቦናዊ ፀገማት ከሰዕብ ይኽእል እዩ። ብተወሳኺ እውን ናይ ደም ምርጋእ ሓደጋ እውን ይውስኽ።
- ናይትረስ ኦክሳይድ ካብ መትሓዚኡ እንትወፅእ ብጣዕሚ ዝሑል እንትኸውን እዚ ድማ ኣብ ኣፍ፣ ጎሮሮን መተንፈሲ ትቦታትን ዛሕሊ ከሰዕብ ይኽእል እዩ።
- ናይትረስ ኦክሳይድ ንውሽጢ እንትትንፈስ ዘለዎ ሓደጋ ንምቕናስ ክገብርዎ ዝኽእሉ ጥንቃቐ የለን።

# ንምፍላጡ ፅቡቕ-ሳንዱቕ፡-


- ናይትረስ ኦክሳይድ ንክሬም ሳይፈን ብዝተሰርሑ ካርትሪጃትን ዓበይቲ ትቦታትን ክግዛእ ይኽእል እዩ። ናይትረስ ኦክሳይድ ንሰኻር ኣብ ዝጥቀምሉ እዋን ጋዝ ካብቲ ካርትሪጅ ወይ ቱቦ ብቐጥታ ናብ ውሽጢ ይትንፈስ፤ ከም መማረፂ ድማ ፍሕኛ ብናይትረስ ኦክሳይድ ብምምላእን ካብኡ ድማ ካብቲ ፍሕኛ ንውሽጢ ብምትንፋስን ይግበር።
- እቲ ናይትረስ ኦክሳይድ ናይ 1–2 ደቓይቕ ዝኸውን ህዋኽ ይፈጥር እዚ ድማ ምዝንናይን ኪርኪርታን ይፈጥር። ከምኡ እውን ፎኽሲ ቃንዛን ብንቑሕኻ ዝፍጠር ሕልምታትን ክህብ ይኽእል እዩ።
- ናይትረስ ኦክሳይድ ዋላ እኳ ብጣዕሚ ልሙድ እንተኾነ ኣብ ታሸዓይ ክፍሊ ቀዳማይ ብርክን፣ ካልኣይ ዓመት ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርትን ዝርከቡ መብዛሕትኦም ናይትረስ ኦክሳይድ ኣይተጠቐሙን። ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋል እታ ሃገር ሚእታዊ ተጠቀምቲ ናይትረስ ኦክሳይድ ይፈላለ እዩ።





# ከም ወላዲ እንታይ ክገብር ይኽእል?

ኣብ መዓልታዊ ህይወት ብዛዕባ ኩሎም ዓይነት ነገራት ንምዝርራብ ሞክሩ። በዚ መንገዲ ብዛዕባ ኣልኮል፣ ድሮጋን ፆታዊ ርክብን ዝኣመሰሉ ብጣዕሚ ኣፀገምቲ ነገራት ምዝርራብ ልሙድ ይኸውን። ሕቶታት ይሕተቱ እሞ የዳምፁ። ቀረባዊ ርክብ ናይ ሓላውነት ፅልዋ ኣለዎ እዩ።


- ናይትረስ ኦክሳይድ ዝሓፀረ ሰኻር ስለዘስዕብ ካብ ባህሪ ውላዶም ናይትረስ ኦክሳይድ ከም ዝተጠቐመ ዘይከስተባህልዎ ይኽእሉ እዮም። ኮይኑ ግና ትኹረት ክወሃቦም ዝግባእ ካልኦት ምልክታት ኣለዉ። ናይትረስ ኦክሳይድ ካርትሪጅን ትቦታትን ምስ ፍሕኛታት ሓቢሮም ናይትረስ ኦክሳይድ ናይ ምጥቃም ንፁራት ምልክት እዮም።
- እንትሓሰቡ ንምንታይ በቲ መንገዲ ከም ዝሓሰቡ ንፁራት ዝኾኑ ደረታት የሰምሩ።
- ክኸውን ይኽእል እዩ ኢሎም ዝፈርሕዎ ነገር ንምርዳእ ኣይሰከፉ። ንሓደ ኣፍላ መንእሰይ ወላዲ ከም ዝግደሰ ምፍላጥ ፅቡቕ ስምዒት ክሰምዖ ይገብር እዩ።
- ንምስማዕን ምዝርራብን ድሉው ይኹኑ። ከምኡ እውን ዕጉስ ይኹኑ። ብዛዕባ ተኣፈፍቲ ነገራት ንምዝራብ ዝደፍርሉ ቀረባዊ ርክብ ንምምስራት ግዘ ይወስድ እዩ። ምናልባት ብፍላይ ምስ ኣፍላ መንእሰይ። ንሱ/ናሳ እትደልዮ ግዘ ክወሰድ ይኽእል እዩ።
- ኣብ ቀረብኦም ካብ ዘለዉ ካልኦት ወለድቲ ወይ ኣገደስቲ ሰባት ደገፍ ምርካብ ኣይረስዑ። ብሓደ ኮይንኩም ኣየኖት ሕግታት ከም ዝትግበሩ ክትውሰኑን ነንሕድሕድኩም ክትበረታትዑን ትኽእሉ ኢኹም።








# ሕቶታት እንተልዮምዎምን ሓገዝን ደገፍን እንተድልዩዎምን ንመን ከዘራርቡ ይኽእሉ?



ማእኸል ሓበሬታ መርዚ ሽወደን ብዛዕባ ናይትረስ ኦክሳይድ ምኽርን መልሰን ይህብ እዩ። ብ010-456 67 00 ይደውሉ ወይከዓ giftinformation.se ይጎብንዩ።

ኣብ ናይ ውላዶም ቤት ትምህርቲ ንጥዕና ተምሃሮ፣ ንማእኸል ጥዕንኦም ወይከዓ ኣብ ከተማ ምምሕዳሮም ንዘሎ ማሕበራዊ ግልጋሎት ከዘራርቡ ይኽእሉ እዮም።



**ኣብዚ ዝሰዕብ የንብቡ፦**

Giftinformation.se

Fullkoll.nu

1177.se

Drugsmart.se

Youmo.se